# 5ይ ውድባዊ ጉባኤ
# ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)
# ብዓወት ተጸንቢሉ!!

ካብ ዕለት 18 ክሳብ 22 ሚያዝያ 2010 ኣብ ትሕቲ እዋናውን ስትራቴጂካውያን ጭርሖታት ኣብ ዝማዕረገ ኣዳራሽ ኪጋባእ ዝቀነየ፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ብዓብይ ጽንብል ከም ዝተዛዘመ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ፡፡

ብመሰረት'ቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ መሓዙት ደሞክራሲያውያን ውድባት ዕዱማት ኣጋይሽን ናይ ዜና ማእከላትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ብክብ ዝበለ ድሙቕ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ብምክያድ፡ ብዓወት ምዝዛሙ ተፈሊጡ፡፡ ኣብ'ዚ ናይ መዛዘሚ ጽንብል ካብ መንጎ'ቶም ዝተረኽቡ መሓዙት ደሞክራሲያውያን ውድባት ብኣባል ፈ/ቤ/ጽ ህደግኤ ብጻይ መንግስ ዝተመርሐ ልኡኽ፣ ብኣባል ፈ/ቤ/ጽ ደምሓኩኤ ብጻይ ዓንዱ ዝተመርሐ ልኡኽን ኣባል ማ/ኮሚቴ ደሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ብጻይ ዑስማን መሓመድ ክሳተፉ እንከለዉ፡ ልኡኽ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ'ውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ምንባሩ ተፈሊጡ፡፡



ብመሰረት'ቲ ኣዳላዊት ኮሚቴ ናይ'ቲ ጽንብል ዝሰረዓቶ መደባት፡ ኣብ'ዚ ንጽንብል 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ዝተዳለወ ስነ-ስርዓት፡ ዝተፈላለዩ ናይ ምድላዋት መደባት ዝተካየዱ ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብ መንጎኦም ኣብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ዝጸደቑ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ደምዳሚ መግለጺን ብኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ሰደግኤ ብንባብ ቀሪቦም፡፡ ካብ'ዚ ብተወሳኺ ክልቲኡ ሰነዳት 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ንተሳተፍትን ዕዱማት ኣጋይሽን'ውን ተዓዲሉ፡፡




ኣብ'ዚ ስነ-ስርዓት'ዚ ዝተሳተፈ፡ ኣባል ፈ/ቤ/ጽ ህደግኤ ብጻይ መንግስት ኣብ ዘስምዖ ናይ ደገፍ ቃል፡ "….5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ዝተጋበኣሉ ኣጋጣሚ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታት ም'ዃኑ ድሕሪ ምእማት፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ጽንኩር ኩነታት

ውድብኩም ናብ ንቡር ብምምላስ 5ይ ውድባዊ ጉባኤኹም ብዓወት ከተሰላስሉ ምብቓዕኩም፡ ታሪኻዊ ዓወት'ዩ እሞ፡ እንቛዕ ሓጎሰኩም፡፡ ዓወትኩም ድማ ናይ ኩሎም ምእንቲ ምዕዋት ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ዝተሰለፉ ሓይልታት ዓወት ብምዃኑ፡ ናይ ኩልና ታሪኻዊ ዓወት'ዩ....” ክብል ገሊጹ፡፡

ብመሰረት'ቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ንመጻኢ ሰለስተ ዓመታት ውድብ ዘሰጋግሩ ኣባላት ማ/ሽማግለን ቁጽጽር ኮምሽን ብደሞክራሲያዊ ኣገበብ ብምምራጽ፡ ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ፡፡